# ሪፖርታጅ ጽምብል ናጽነት ኤርትራ

# ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ

# ይበል ወኒ፡ ግርም ዕጥቂ !!

ብሽደን ሳሙኤል

ልምዓት ብጽንዓት!! ኣብ ትሕቲ ዝብል ሃገራዊ ቴማ፡ ካብ ዕለት 22-24 ግንቦት 2015፡ ንሰለስተ ተኸታታሊ መዓልታት፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ክጽንበል ዝቐነየ መበል 24 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዕለት 22 ግንቦት ዓርቢ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ብባህላዊ ክዳውንቲ ዝማዕረጉ ኤርትራውያን፡ ናይ ትሽዓቲኤን ብሀራት ትልሂት ብምጽዋት፡ ኣቓልቦ እቲ ከባቢ ስሒቦም ኣርፊዶም። እወ! ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ መግለጺ ላኣላውነትናን ክብርናን ኣብ ኣመሪካ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ክኣ'ዩ ህዝብና፡ ምስ ሃገሩን መንግስቱን ዘለዎ ናይ ማይን ጸባን ጥዑይ ዝምድና ንምግላጽ፡ ጽምብል ርእሰ-ኣውዳኣመቱ ዝኾነት ናጽነት ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲኡ ጀሚሩ፡ ክጽንብሎ ዝወሰነ።




ብምስሊ ባንዴርኦም ዝወቀቡን፡ ብፍቕሪ ሃገሮም ዝሕበኑን ኤርትራውያን፡ "እንቛዕ ኣብጽሓና፡ Happy Birthday Eritrea" እንዳተበሃሃሉ ተሓቛቚፎም ብምስዕዓም ብሓጎስ ተቛጺጽዮም። ኣቶ ሲዒድ ዓብደላ፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኡን "ናጽነት ኤርትራ፡ ብኹሉ መለኪዒታት፡ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ስለዝተኸፈልናሉ፡ ኢና ብዝለዓለ ሓጎስን ደስታን ነብዕሎ ዘለና" ድሕሪ ምባሉ፡ ኣብ ቅንያት'ቲ ጽምብል ተታሒዞም ዝነበሩ መደባት ብዝርዝር ሓቢሩ።

ኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብወገኑ፡ ንወግዓዊ ምጅማር ጽምብል በዓል ናጽነት ክኸፍቶ ከሎ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ "ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ዮሃና! እንቛዕ ኣብጽሓና!! ብምባል፡ ንኹሉም ኣብ ምድላውን ጽምብል ናይ'ዚ ክቡር በዓል ኣበርኪቶ ዝገበሩ ዜጋታት ብሓባር ኣመስጊኑ። ዝቕጽል ቅንያት ጽምብል፡ ሕጉስን ዕዉትን ክኾነልና ብምምናይ ድማ፡ ነቲ ዕለት ዝተዳለወ ባንዴራ ኤርትራ ዝሕላገቱ ሕብስቲ ናጽነት ቆሪሱ።

 

ኣብ'ዚ ውዕዉዕ ናይ ዓርቢ ንግሆ ናይ መኽፈቲ ጽምብል ናጽነት ኣጋጣሚ፡ ብተካእቲን ተስፋ መጻኢ ወለዶና ዝኾኑ መንእሰያት ሕድሪን፡ ሃገራዊ መዝሙርን ተሰንዩ፡ ንዝተኻየደ ባንዴራ ናይ ምስቃል መደብ ዝመርሕ ዝነበረ፡ ሓላፊ ውዳቤታትን ጉዳይ መንእሰያትን፡ ኣቶ ዳዊት ሃይለ፡"ባንዴራ ናይ ምስቃል ወግዒ፡ ከም ያታ ዓመታዊ ኣብ ምጅማር ቅነ ጽምብል ናጽነት፡ ብስሩዕ ኣገባብ ከነካይድ መደብ ተታሒዙሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ምስ'ዚ ተታሓሒዙ፡ ኣብ ዓርቢ ድሕሪ ቐትሪ ሰዓት 5፡00 ጀሚሩ፡ እቲ ወትሩ፡ በተን ምዑታት ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኡን ዝዳሎ፡ እንግዶት ወግዒ ቡንን ዕምባባን በብዓይንነቱ  ቍርስን ሕብስቲ ናጽነትን፡ ኣብ ኣዳራሽ ኢሲሲሲ ቀሪቡ። ወ/ሮ ኤልሳ ሃይለማርያም፡ ኣደ መንበር ማሕበር፡ "ዮሃና! ርሑስ በዓል ናጽነት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ" ድሕሪ ምባል፡ ነቲ በዓል ንምምዕራግን ምጽባቕን፡ ሃማደኤ ኩሉ ካብኣተን ዝድለ ነገራት ከማላኣ ድልውነተን ኣረጋጊጸ። ነተን ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘበርከታ ኣባላትን ኣዴታትን ግዱሳትን ድማ ብስም ማሕበር ምስጋና ኣቕሪባ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኤርትራውያን ብብዝሒ ዝነብርሉ ቤተመግብታትን መዛናግዒ ቦታታትን፡ ንጽምብል ናጽነት ዘማዕርግ ፌስታን ጸወታታትን ለይታዊ ትልሂትን፡ ነቲ በዓል ናጽነት ዘማዕርግ ድምቀት ካብ ዝሃቡ  ፍጻሜታት ምንባሩ'ውን ተጠቒሱ።

ንጽቢሒቱ ቀዳም ዕለት 23 ግንቦት፡ እቲ ዓመት መጸ ህዝብናን ደቅናን ብሃንቀውታ ዝጽበይዎ፡ መደብ ዑደት ስድራቤታት "ዙነት ናጽነት" (ፒክኒክ) ቀጺሉ ዊዒሉ። እቲ ብስፍሓቱ ዝልለ ኣብ ኣለክሳንድርያ ምምሕዳር ቨርጂንያ ዝርከብ ፎርት ሃንት ፓርክ፡ ካብ ሰዓት 9፡00 ንግሆ ኣትሒዙ'ዩ ኤርትራውያን ነጋዶ ናጽነት ክአንግድ ጀሚሩ። እዚ መደብ'ዚ፡ ብትሕዝትኡ መዓልቲ ናጽነት ህጻናት'ዩ። ብዘይ ስክፍታ እንዳተጻወቱን እንዳዓንደሩን የብዕልዎ፡ ናጽነትና ድማ ምስኦም እንዳዓበየት ንወለዶታት ትሰጋገር።

መድብ ስፖርት፡ 15 ጋንታታት። ካብ መሪላንድን ቨርጂኒያን ዲስን ዘሳተፈ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ቆልዑ ተኻይዱ። ጋንታታት ቨርጂኒያ ነቲ ኣብ መንጎ ክሊ ዕድመ 7ን 10ን 13ን፡ ካብ መጋጥምተን ቀዳሞት ክወጻ እንከለዋ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ብኻልኣይ ደረጃ ዝተዓወታ ጋንታታት መሪላንድ ነይረን። ኣብ ክሊ ዕድመ ናይ 16 ግን፡ ጋንታ መሪላንድ ቀዳማይ ደረጃ ክትሕዝ እንከላ፡ ጋንታ ቨርጂንይ ካላኣይቲ ወጺኣ። እተን ብቀዳማይ ደረጃ ዝተዓወታ ጋንታታት፣ ነፍሲ-ወከፈን ዋንጫ ናጽነትን መዳልያን ክዕደላ እንከለዋ፡ ብካላኣይ ደረጃ ዝተዓወታ ጋንታታት ድማ፡ ዋንጫታት ተዓዲለን። ነቲ ኣጋጣሚ ኸኣ ዓቢ ድምቀት ወሲኹሉ ዊዒሉ።



ኣብ’ቲ ህሞት’ቲ ምስ’ቲ ዕሙር ኣግራብ፡ ኤርትራውያን ዘየጽለሉላ ገረብ ዳርጋ ኣይነበረትን። ንመኻይን ተባሂሉ ዝተሓዝአ ብምልኡ ናይ’ቲ ፓርክ  ፓርኪንግ መሊኡስ፡  ድሒሮም ዝመጹ ተደሪቦም ከምዝዕሸጉ ብምግባር፡ ምሸት ኩሉ ሰብ ብሓባር እንዳተጸባበየ ከምዝፋኖ ተጌሩ። እዚ ብምትዕጻጻፍ ናይ’ቲ ኮሜተ ዝተማህዘ ፍታሕ ኢዩ ነይሩ።

ኤርትራውያን ምኺንና እንሕበነሉ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ኣሎ። ግን፡ ኣይ ከም ፒክኒክ ናጽነትን። እቲ ውህደትን ግርኣትን፡ ሓጎስን ምትሕልላይን፡ ግርማን ስነስርዓትን ናይ’ቲ ህዝቢ፡ ንጽባቐ’ቲ ጻሕ ዝበለ ናይ’ቲ ልሙዕ ሳዕርን ኣግራብን በሊጹ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ፍሉይ ቦታ’ዩ ዝሕዝ። ሽዑ ከይተሰከፍካ ምስ ውሽጥኻ ትዛረብ። “እንቋዕ ኤርትራዊ/ኤርትራዊት ኮንኩ” ትብል። ኒሕካን መብጽዓኻ ንሃገርካ ድማ ብኡ መጠን ይብርኽ።

ኣብ መንጎ፡ “ዘወር-ወር ንበል” ኢልና፡ ናብ’ቲ ናይ መንእሰያት ሕድሪ ዝነበርዎ ቦታ ገጽና እንዳተጓዓዝና ኸለና፡ ሓንቲ ሓብትና ጎፍ ትብለና’ሞ፡ “እንቋዕ ኣብጽሓና” ድሕሪ ምብህሃል፡ “ከምይ’ሞ፡ በዓል ከምይ’ሎ?” ተወከስናያ።

 “እንታይ ክወጾ፡ ጠስሚ ወይዘር ጠስሚ ሃገር፡ ጠስሚ ዝህቢ ጠስሚ መንግስቲ፡ ጠስሚ ኮሚኒቲ ጠስሚ ኣካየድቲ” ክትብል መሊሳትልና። ተረካብ ዘረባ፡ ሓቃ’ያ! ኤርትራውያን ዝሓዝዎ ኩሉ ጠስሚ’ዩ። ምኽንያቱ ንሃገሮም ዝበቅዖ ነገር የብሎምን።

እቲ ምድላዋት ናይ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት፡ እቲ ተሳታፍነት ህዝቢ፡ ክልቲኡ ዘወጾ ኣይነበሮን። ይበል ወኒ፡ ግርም ዕጥቂ። እቲ ፓርክ ክዕጾ ስለዝነበሮ’ምበር፡ ውዒልና ምሓደርና። ግን ኣተኻእለን። ጽባሕ የረኣኽበና!! እንዳተባሃሃልና ከይፈቶና ተፈላሊና። ጠስሚ ፒክኒክ፡ እንዳሃረፍናዮ ተዛዙሙ። ድሓን የጽንሓና። ንዓመታ ርሑቕ ኣይኮነን።

ወጊሑ። ንጽቢሒቱ ሰንበት ኮይኑ። 24 ግንቦት። እታ ክብርቲ ዕለት ናጽነት ኤርትራ። ኣይሓለፍና ከይተረፍና፡ ኣብ’ታ ቖንዳ ከበንዕላ ዕድል ረኺብና። ድኻምካ ምጽብጻብ ኤርትራዊ ባህሪ ኣይኮነን። ቁሩብ ናይ ምዕራፍ ዕድል ዝረኸበን ዘይረኸበን ኩሉ፡ ኣማስይኡ ናብ’ቲ ዝዓበየ መዛዘሚ ጽምብል ናጽነት፡ ናብ ረናይሰንስ ሆተል ኣምሪሑ። ኣዳራሽ ካብ ጻት ንጻት ክመልእ ጊዜ ኣይወሰደን። ኣጋይሽ ሙዚቐኛታትን ተሳተፍትን ኵሎም በቦትኦም ምስ ሓዙ፡ ንኽብሪ’ቶም ናጽነት ብመስዋእቶም መስተንክር ቅያ ጅግንነቶም ህያው ዝገበሩ ሰማእታትና ንምዝካር ኩሉ ሰብ ኣብ ዘዘለዎ ደው ብምባል፡ ሰማእታቱ ዘኪሩ። ንኽብሪ ‘ቲ ሃገራዊ በዓል ድማ ብሓባር ሃገራዊ መዝሙር ተዘሚሩ።





ኣቦ መንበር ኣዋሃሂት በዓላት፡ ብጻይ ስዒድ ዓብደላ፡ ናይ እንቛዕ ደሓን መጻእኩም፡ ዮሃናን መግለጺ ምስ ኣቕረበ፡ ሳላ ልዑል ምትሕብባር ህዝቢ፡ ኩሉ ብሽማግለ ዝወጸ መደባት ጽምብል ናጽነት፡ ብዓወት ውዕዉዕ ሃገራዊ ወኒን ከም ዝተኻየደ ኣብሪሁ። "ንመጻኢ ኣበርቲዕና ብምስራሕ ንህዝብና ንምሕጓስ ከም ወትሩ ድሉዋት ኣለና" ክብል ድማ፡ ንጥፈታቶም ቀጻሊ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "መበል 24 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ኣፈፌት ትስፉው ዕቤትን ቀኈጠባዊ ምዕባለን ኮይንና ነብዕሎ ምህላውና፡ ብዝያዳ ፍሉይን ኣገዳስን ይገብሮ" ድሕሪ ምባል፡ ንኹሎም ተሳተፍቲን፡ ኣካየድትን ኣባላት ማሕበራትን ውድባትን ክኣ፡ ስለ'ቲ ዕዙዝ ኣበርክትኦም ኣመስጊኑ። ስለ ዝተጸመምናን ኣበርቲዕና ዝጸዓትናን ኣንጻርና ዝተኣለመ ውዲታት ኣፍሺላን፡ ንቕድሚት ኣብ ንምርሻሉ ዘሎና እዋን'ውን፡ ዝያዳ ስኒትን ሓድነትን ተወፋይነትን ጽንዓትን ከምዘድልየና ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ዶ/ር ወልዳይ ፍጡርን ኣምባሳደር መሓመድ ሱሌማን ኣብ ማእከልና ተረኺቦም ኔሮም። ከምኡ እውን ካልኦት ዕድመ ዝተገብረሎም ወጻእተኛታት ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምሳና ኣብ'ቲ ጽንብል ምስታፎም ይፍለጥ።

ክቡር ፕረሲደንት ሃገረ ኤርታ፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንበዓል ናጽነት ኣመልኪቱ ዘስመዖ መደረ፡ ብቪድዮ ተቐሪጹ ምስ ቀረበ፡ ሕብስቲ ናጽነት ድሕሪ ምቝራስ ብኣዴታት፡ ኣቦታት፡ ህጻናት፡ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መንእሰያት ዝሞቐ ዕሙር ጓይላ ተተኺሉ፡ ስለ'ታ ክብርቲ ዕለት ናጽነት፡ ሰቕጥ-ቀጥ ኮይኑ።



ስነ-ጥበባውያን፡ ሄለን መለስ፡ ከድጃ ኣደምን፡ ሃብቱን ንወኒ ህዝቢ ዘለዓዓለን ኣመና ዝመሰጠን ምኡዝ ሃገራዊ ደርፍታት ኣቕሪቦም። መንእሰያት ሕድሪ ብልምምድ ዝተመልከ ሰሓቢ ሳዕስዒት፡ ኣቶ ግርማይ ዮውሃንስ ንጅግና ህዝብን ሰራዊትን ዘመጉስ፡ ሓያል ግጥሚ ምስ ኣቕረቡ፡ ስለ ናጽነት ወጋሕ ትብል ለይቲ፡ ምስ ወናማት ደረፍትና ቀጺሉ። ኣብ ዘዘለኻዮ ኵንካ ምዅዳድን ምዝላልን ኢዩ'ምበር፡ ዙርያ ክቢ ክትኮልል ምስ ጻዕቂ ሳዕሳዕቲ ዝጥዕም ኣይነበረን። ፍናንን ስሚዒትን ወኒን ናይ ህዝቢ ዝተፈልየ ኔሩ። ኮፍ ምባል ዳርጋ የይነበረን። በቃ ብዘይምቁራጽ ምስዕሳዕ። ጽሓይ ኣብ ገጽና በሪቓ ሓዲራ'ዩ ዝበሃል።

ህዝቢ ኤርትራ ኣድሃ'ዩ። ምእንቲ ሃገሩ ዘይኮኖ የለን። "ኣድሃ ንበር" ትብል ህብብቲ ዜማ መለስ ድማ፡ ብልክዕ ነቲ'ዚ ሓቂ'ዚ ገላጺት ነይራ። ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኡን "ይበል ወኒ ግርም ዕጥቂ" ጥራይ ኢልካ ክትሓልፎ እንተዘይኮይኑ፡ ብቓላት ክትሽፍኖ ቀሊል ኣይኮነን። ዕድመን ጥዕናን፡ ክብረትን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ። ንዓመታ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ የራኽበና። ርሑስ በዓል ናጽነት።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!

ዓውት ንሓፋሽ!!





